# እዛ ሃገር ጀጋኑ ትወሰድ መመሪጳ።

ኤርትራ መዓስ ኮን ይኸውን ዝውዳእ ጸገምኪ፡
ቅንዕና ስለ ዝሓዝክስ በዚሖም ጸላእትኺ፡
እሞ ኸኣ በቶም ዓንጊልኪ ዕርቃኖም ዝሸፈንኪ።

ኤርትራ ልውህናኺ ኮይኑ ጸላኢኺ፡
ዘዕቆብክዮም ካብ ኮነ ጎዳእትኺ፡
ክንዲ ዘኾለስክስ ኢድኪ ተነኺስኪ።

ሜዳታት ኤርትራ እንታይ ኮን ምበሉ፡
ሰራዊት ወያኔ ኣስትዮም ኣብሊዖም ዘጽለሉ፡
ኣብ ክንዲ ጻማስ ጥልመት ክኸፈሉ።

ቀዳማይ ሓሊፉ ተባሂሉ ምስ ኣኸለ፡
ሰራዊት ኣኽቲቶም ዓንደሩ ከም ኣድጊ ዝሃለለ፡
ብጎኒ መጺኦም ሕማም መሰንገለ።

ጃንዳ ዝተዋህባ መምርሒ ከየንበበቶ፡
ንጉድኣታ ድዩ ጥቕማ ከይመመየቶ፡
ዓይና ዓሚታ ገደል ኣትያቶ።

ናይ ቃጻ ስጉምቲ ነይብሉ ምህርቲ፡
ጸልማት ተጎልቢቦም ካብ መጹ ዓመጽቲ፡
በዓል ሪም ጨርገፎም ሓንቲ ብሓንቲ።

ትምክሕቲ ጃህራ ኣይኮነን ባህልና፡
ተገዲድና ንኣትዎ ዳንበር ኣይኮነን ምርጫና፡
እንኳንዶ መስዋእቲ ደቕና፡ ሞት ጸላእቲ'ኳ የጉህየና።

ጃንዳ ኣብ ሰነ ዝወሰዶ ስጉምቲ ንፈተነ፡
ሕፍረት ተሰኪሙ ተመልሰ ርእሱ እናደነነ፡
ክልተ ሚእቲ ሬሳ ጠንጢኑ ከምዘይ መጸ እናሓነነ።

ጃንዳ ከም ልማዳ ተሰኪማ ዘይትኽእሎ ዕዳ፡
ዕድል ሲኢና ክትሓብእ ዝሞቱ ሬሳታታ፡
ብኽልቲኣኡ ወገን ዓቢ ክሳራ ኢላ'ያ መልእኽቲ ሰዲዳ።

ንሕና ከፊልና ብሉጻት ዓሰርተ ሾመንተ፡
ሓደ ውፉይ መኪቱ ንዓሰርተ ተወሰኾ ሓደ፡ (11)
ባንደራና ከተንበልብል ንዘንት እለተ፡

ሕጂውን ኣሎ እቲ ጽንዓት መኸተ፡
ኣብ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ልቢ ዝሰረተ፡
ሃገሩ ኣሕሊፉ ከይህብ ዝኸተተ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።